# ዕወት ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ
# ኣብ ከተማ ከለን

ብዕለት 21.03.2015 ኣብ ከተማ ከለን ብሃማደኤ ከለን ዝተዳለወ ኣህግራዊ በዓል 8 መጋቢት ኣብ ትሕቲ "ቁጠባዊ ዕብየት ደቂ-ኣንስትዮ ዋሕስ ሃገራዊ ልምዓት" ዝብል ቴማ ድሙቕን ዑዉትን ዝኾነ ብዓል ትኻይዱ።

እቲ ብዓል ብዝከረ-ሰማእታትን ብሃገራዊ መዝሙር ተኸፍተ። ቀጺሉ ከምቲ ሉሙድ ብወናማት መንእሰያት ሰነ ጥበባውያን ድሙቕ ባህላውን ዘመናውን ጻውቲ ተጀመረ።

ኣብ ሰዓቱ ድማ ቃል ሃማደኤ ብኣደ ወንበር ማሕበር ወ/ሮ ልኡል ተወልደ ኣብ ዘቕረበቶ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርን ወጻእን ዝርከብ ሓያል ውዳቤ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ፡ ከም ናይ መኸተን ንቕሓትን ባይታ ቃልሲ፡ ንኹሉ ዝጸንሐ ድሑር ባህልታትን እምንቶን ኣብ ምቕንጣጥ፡ ከምኡ'ውን ዓቕሚታት ኣብ ምህናጽ ልዑል ተራ ይጻወት ከምዘሎ ዝጠቐሰ እቲ መግለጺ፡ ኣብ ስደት ዝርከባ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝርከባ ወገናተን ዝሃነጽኦ መሰልጠኒ ማእከላት ጕሉሕ ኣብነት ፈቃርን ርህሩህን ከርሲ ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ከምዝኾነ ገለጸት ። ካብዚ ቀጺሉ ካብ ማ/ኮም ከለንን ከበቢኣን፤ ህዝባዊ ግንባር ንድሞክራስን ፍትሕን ጉጅለ ከለን ፡ ሽማግለ መኸተ ከለንን ብወከልቲ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ንድሞክራስን ፍትሕን ከለንን ከባቢኣን ናይ እንቋዕ ኣብዚ ኣብ ቅዓክንን ንታሪኻዊ ቃልሲ ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ዘንጸባርቕን ዝምጉስን ናይ ደገፍ መልእኽትታት ተነቡ። ሰዒቡ ብመንእሰያት ህግደፍ ንኹለን ኣዴታት ንነፍስ ወከፍን ናይ ሓንቲ ፊዮሪ ህያብ ተዓደለ። እዚ ኸኣ መግለጺ ምስጋኖኦም ነቲ ብኣዴታት ዝተገበረሎም ደገፍን ሞራልን ብሓጎስ ብምቕባሎም ኢዩ።

ኣብዚ ምሸት'ዚ ንህዝቢ ንምእንጋድ ዝተዳለወ ባህላዊ መግብን መስተን ብህላዊን ቡንን ክዕደል ኣምሲዩ። ቀጺሉ'ውን ናይ ሎቶሪ ምውዳቕ ተኻይዱ። ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀነስትዮ ኣብ ከተማ ከለን ልክዕ ሰዓት 23.00 ምሸት ብዓወት ተዛዘመ።

ሰማእታትና ወትሩ ብክብሪ ይዘከሩ

ዓወት ንሓፋሽ!

ኣካያዲት ኣካል ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ከለን